ሓፈሻዊ ሆስፒታል ዉቅሮ ደ/ከ/ስራሕ/ዕደ/ፋይ/ንብ/ምም/ርን ዘለዎ ናይ ኦክስጅን ስሊደራት ካብ መደበኛ ወይ ወሽጢ ኣታዊ ዝፀደቐ በጀት ዝክፈል ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ውዕሊ ኣእሲሩ ኦክስጅን ከምልእ ይደሊ።

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሰሉስ መጋቢት 2, 2017 (ቅድሚ ሓደ ዓመት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: መጋቢት 11, 2017 4:00 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:3000
- ቦታ:ዉቅሮ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:50
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: መጋቢት 11, 2017 4:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ኤሌክትሮ-መካኒክስ ኣቁሑትን ግልጋሎትን/ ጥዕና ተንከፍ ዝኮኑ ግልጋሎት/

ንካልኣይ ግዜ ዝወፀ ምልክታ ግልፂ ጨረታ

ሓፈሻዊ ሆስፒታል ዉቅሮ ደ/ከ/ስራሕ/ዕደ/ፋይ/ንብ/ምም/ርን ዘለዎ ናይ ኦክስጅን ስሊደራት ካብ መደበኛ ወይ ወሽጢ ኣታዊ ዝፀደቐ በጀት ዝክፈል ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ውዕሊ ኣእሲሩ ኦክስጅን ከምልእ ይደሊ። ስለዚ ኣብ ታሒቲ ዝተጠቀሰ ረቋሒ እተማልኡ ንክትወዳደሩ ይዕድም።

ሀ. ተጫረትቲ ከማልእዎ ዝግባእ ነጥብታት/ረቋሒታት/

1. በቲ ዓውደ ስራሕ ናይ ዘመነ ዝተሓደሰ ንግዲ ፍቃድ ከምኡ እውን ቲን ናምበርን ኣብ ትልምን ፋይናንስን ብመቅረባይነት ዝተመዝገቡን ኦሪጂናልን ኮፒን ከቅርብ ዝክእል

2. ንጨረታ መክበሪ ትሕጃ ብር 3000 /ሰለስተ ሽሕ ብር/ ብጥረ ገንዘብ ወይ ብባንኪ ዝተረጋገፀ ሲፒኦ/CPO/ ከትሕዝ ዝክእል

3. ናይዚ ጨረታ ሰዓራይ ምኳኑ ካብ ዝተነገረሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 6 መዓልቲ ብዝሰዓሮ ዋጋ ውዕሊ ክኣስር ዝክእል ጥራሕ ይወዳደር

4. ጨረታ ዝሰዓረ ውዕሊ እንትኣስር ካብ ዝሰዓሮ ጠቅላላ/ድምር/ ናይ ሓደ ዋጋ 10% ንውሕስና ኣፈፃፅማ ስራሕ /መኽበሪ ውዕሊ/ ካብ ዝተፈለጠ ባንኪ ዝተረጋገፀ ቸክ ወይ ኣብ ኩነታት ዘይተመስረተ ዉሕስና ወይ ጥረ ገንዘብ ከትሕዝ ዝክእል።

5. ተጫረትቲ ካብ ዝተመልአ ሕድሕድ ኦክስጅን ስሊንደር ዝርዘር ናይ ሓደ ዋጋ ድምር ዝተሓተ ብምውሳድ ሰዓራይ ዝኸውን ምኟኑ ኣሚኖም ክወዳደሩ ዝክእሉ

6. ተጫራታይ ዝተወደአ /ዝምላእ ስሊንደር/ እንተጋጥም ናብ እዚ ጨረታ ዝሰዓረ እንትልእክ ቆፂሩ ብመረካከቢ ቅጥዒ ክርከብን ብትክክል መሊኡ ናብ ሆስፒታልና ክልእክን ዝክእል ምኟኑ ኣሚኑ ክወዳደር ኣለዎ።

7. ሰዓራይ ኮይኑ ዉዕሊ ዝኣሰረ ተጫራታት እቲ ዝምላእ

ኦክስጅን ፅሬቱን ብትክክል ምምልኡን ዓቂኑ ንሓሆስፒታልና ሰብ ሞያ ከረክብ / ከቅርብ/ ዝክእል ምኟኑ ኣሚኑ ክወዳደር ኣለዎ

8. በዝሒ ዝምላእ ስሊንደር ዝምልከት ሆስፒታልና በቢ ግዚኡ ንክምልአሉ ብዝልእኮ በዝሒ መሰረት ይከውን።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

ለ. መምርሒ ተጫረትቲ

1. ሰነድ ጨረታ ካብ ዕለት 02/07/2017 ዓ/ም እስካብ ዕለት 11/07/2017 ዓ/ም ሰዓት 4፡00 ዘይምለስ ብር 50 ብምክፋል ካብ ሓፈሻዊ ሆስፒታል ውቅሮ ደ/ከ/ስራሕ ዕደ/ፋይ/ ንብ/ምም/ርን ምውሳድ ይከኣል።

2. እዚ ጨረታ ዕለት 11/07/2017 ዓ/ም ሰዓት 4፡00 ተዓፅዩ በቲ ዕለት ባዕሎም ወይ ሕጋዊ ወኪሎም ኣብ ዝተረከብሉ ሰዓት 4፡30 ይኽፈት።

3. ተጫረቲ ኣብ ዝተዳለወ ሰነድ ጨረታ ስርዝ ድልዝ ዘይብሉ ዋጋ ኣቀሚጦም ኣብ ዝተዓሸገ ፖሰታ ኮፒን ኦሪጂናልን ኢሎም በበይኑ ከቅርቡ ይግባእ እቲ ኦርጂናል እቲ ጨረታ ምስተከፈተ ዝምለስ እዩ።

4. ተጫረትቲ ኣብ ዘቕርብዎ ዶኩመንት ሽሞም/ሽም ትካሎም/ ፊርመኦምን ማህተምን ከዕርፉ ኣለዎም

5. እቲ ጨረታ ብዝተፈላለየ መልክዑ ከዛብዑ ዝፍትኑ ተጫረትቲ እቲ ቤት ፅሕፈት ካብ ጨረታ ወፃኢ ጌሩ ንቐፃሊ ከይሳተፍ ይገብር።

6. ተጫረትቲ ድሕሪ ሳዕን ምኽፋቱ ጨረታ ኣይሳተፍን ምባል ኣይፍቀድን ከምኡ እውን ንዝበለ ዘትሓዘ መከበሪ ጨረታ ትሕጃ ኣይምለሰሉን ናብ መንግስቲ ኣታዊ ይኸውን/።

7. ተጫረትቲ ኣብ ጨረታ ሰነድ ሕቶ መብርሂ / ወይ መማሓየሺ እንተሃልይዎም ናይ ጨረታ መኽፈቲ 5' መዓልቲን ልዕሊኡን እንትተርፎ ናብ ቤት ፅሕፈትና ብፅሑፍ ከቅርቡ ዝኽእሉ ምኳኖም

8. ሰነድ ጨረታ ካብ ናይ ባዕልና ቅጥዒ ወፃኢ ምጥቃም ኣይፍቀድን።

9. ተጫረትቲ ኣብ ጭረታ ምክፋት ዕለትን ሰዓትን ብዘይምርካቦም ናይ ጨረታ ምክፋት ስነ ስርዓት ኣይተኣጎልን።

10. ሰዓራይ ምኳኑ ዝተነገረሉ ተጫራታይ እቲ ውዕሊ በቲ ዝሰዓሮ ዋጋ ክሳብ ሰነ 30/10/2017 ዓ/ም ውዕሊ ዝኣስር /ዝፀንዕ/ ኮይኑ ከከም ኩነታቱ ብናይ ክልቲኦም ተወዓዓልቲ ስምምዕነት ማለት እዚ ጨረታ ስዒሩ ዉዕሊ ዝኣሰረን ሓፈሻዊ ሆስፒታል ዉቅሮን ስምምዕነት መሰረት ንቐፃሊ ዓመት በዚ ዉዕሊ ዝተኣሰሮ ዋጋ ክቕፅል ዝክእል ምኻኑ ኣሚኑ ክወዳደር ኣለዎ።

11. ቤት ፅሕፈትና ዝሐሸ መማረፂ እንተረኺቡ እቲ ጨረታ ብክፋል ይኹን ብሙሉእ ናይ ምስራዝ መሰሉ ሕሉው እዩ።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle